# ንዒ/ንዓ ውረዲ/ድ

## ንባብ፡ ሉቃስ 19፡1-10

አምላኽ ክረኽበና ክንረኽቦ ባይታን ኩነታትን ክነጠጥሕ የድሊ። እንገብሮ ብዓል ወይ እውን ዝኾነ መንፈሳዊ ነገር ክንገብር እንተ ኾና ካብቲ ዘሎና ክፍኣት ክንወጽእ እሞ ንአምላኽ ዝበቅዕ ሕይወት ሒዝና ክንጉዓዝ ንዕደም አሎና። ኢየሱስ ንሰባት ክረኽቦም እንከሎ ዝሓቶም ነገራት ነርዎ ንገለ ነዚ ኸገብረልካ/ኪ ትአምንዶ፥ ኪድ/ዲ ከምዚ ግበሪ፥ ተንሥእ/ተንሥኢ እናበለ ይዛረቦም ከምዝነበረ ወንጌል ይነግረና።

ሎሚ አብዚ ዝኽሪ ክብረ በዓልኩም ንምኽባር አብ እትቀራረቡሉ ዘሎኹም እዋን ይሕግዝ እዩ ዝበልክዎ ሓሳብ ከካፍለኩም። ሎሚ ኢየሱስ ክብሪደይ ክትብዕል ክተብዕሊ ብሓቂ ቅርብቲ እንተኾንኪ እንተ ኾንካ ዝብለካ/ኪ አሎኒ ይብለና። ካብቲ ዘሎኻዮ/ኽዮ ቀረበኒ ንዓ/ዒ ስምዓኒ ክንረዳዳእ ብቐረባ አብ ቤትካ/ኪ ምሳኻ/ኺ ክውዕል ውረዲ ውረድ እናበለ ይዛረበና። ብፍላይ ካብቲ ንአይን ንአኻን ፈልዩና ዘሎ ክፍአትካድዩ፥ አተሓሳስባኻ ድዩ፥ ጠባይካድዩ ወይስ ተንኾልካ ውረዲ ውረዲ ይብለና አሎ። ንአምላኽ ክትረኽቦ/ብዮ ውረዲ ውረዲ ይብለና አሎ። ክትሰምዓኒ/ዕኒ ንዓ ቀረበኒ እናበለ ከዛርበና ይደሊ አሎ። ማርያምን ንሕናን ንስኹም ብፍላይ ክንቀርባ ክንሰምዓ እሞ ዝተሓደሰ ሕይወት ክንሕዝ ዕድል ዝኸፍት እዩ።

አብቲ ኢየሱስ ዝርከቦ ክንርከብ አሎና፥ አብቲ ንሕና ይሓይሽ እዩ ኢልና ዝመረጽናዮ ዘይኮነ አብቲ አምላኽ ክንርከበሉ ዝመረጸልና ክንወርድ አሎና። ሎሚ መጀመርያ አበይ አሎኹ ኢልና ዘሎናዮ ቦታ ንፍለጥ፥ ምኽንያቱ ዝበለጸ ቦታ ንኢየሱስ ንማርያም ክርእዮም ክቐርቦም ይሕሸኒ ኢልና ዝመረጽናዮ ካብኡ ዝሓይሽ አምላኽ ዝብለና ክህሉ ስለ ዝኽእል ንአምላኽ ክንሰምዕ ጽን ንበል። ነዚ ኽሕግዘና ካብ ሉቃስ 19፡ 1-10 ብዛዕባ ዜኬዎስ ዝብለና ንስማዕ።

አብ ሉቃ 19፡1-10 ሓደ ዓቢ መሃሪ ዝኾነ ዛንታ ብዛዕባ ዘኬዎስ ዝተባህለ ሃብታምን ሓለቃ አኽፈልቲ ቀረጽ ነንብብ። ነዚ ሉቃስ ጥራሕ እዩ ዘዘንትወልና ንሱ ኸአ ምስቲ አብ 18፡35-ፍ ዘሎ ብዛዕባ እቲ አብ ኢያሪኮ ዘሕወዮ ዕዉር አተሓሒዙ እዩ ዝነግረና። አብ ከተማ ኢያርኮ እናአተወ እንከሎ እዩ ኮይኑ እቲ ፍጻሜ። ኢያሪኮ ከተማ ሆሚዕና ተባሂላ እውን ትጽዋዕ እያ (ዘዳግም 34፡3) ካብ ከተማ ዳዊት ንጉሥ ኢየሩሳሌም ንሰሜን ካብ ምዉት ባሕሪ መጨረሻ ናይ ደቡባዊ ወሽመጥ ሩባ ዮርዳኖስ እትርከብ ታሪኻዊት ከተማ እያ። እስራኤላውያን ምድረ ተስፋ ምስ አተዉ መጀመርያ ዝማረኽዋ ከተማ ከንአናውያን እያ። አብ ጊዜ ኤልያስን ኤልሳዕን ቤት ትምህርቲ ነብያት አብዛ ከተማ ከም ዝነበረ አብ 2ዘነ 2፡5 ይነግር። አብ ጊዜ መቃባውያን እታ ጥንታዊት ከተማ ተደምሲሳ ሓዳስ ከተማ ከም ዝተሃንጸት ይንገር። አብ ሓዲስ ኪዳን ኢያሪኮ ዓዲ ዘኬዎስ እቲ ሓለቓ መኽፈልቲ ቀረጽ ከምዝኾነት ይነገር (ሉቃ 19፡1-10)። ከምኡ ናይ እቲ ዕዉር ኢየሱስ ዘሕወዮ ባርጠሜዎስ ከም ዝኾነት ወንጌላውያን ይነግሩ (ማቴ 20፡29-34፥ ማር 10፡46-48፥ ሉቃ 18፡35-37)። ምሳሌ ሕያዋይ ሳምራዊ አብ መገዲ ካብ ኢየሩሴልም ናብ ኢያሪኮ ክኸይድ ከም ዝተፈጸመ አብ (ሉቃ 10፡29-37) ንረኽቦ።

ኢየሱስ ብኢያሪኮ ክሓልፍ እንከሎ ዘኬዎስ ሃብታም ሰብአይ ሓለቓ ተቐበልቲ ቀረጽ ክርእዮ ከም ዝደሊ ዝነበረ ይነግር። ሉቃስ ንዝነግሮ ክገልጽ ኢሉ መንነትን ስራሕን ዘኬዎስ ይነግር። ዘኬዎስ እዩ ንኢየሱስ ክርኢ ዝደሊ ዝነበረ። አቐዲሙ ብዛዕባ ኢየሱስ ይሰምዕ ነሩ እዩ ከምኡ እንተ ዘይከውን ክርእዮ አይ ምደለን ነቲ ዝገብሮን ዘስተምህሮን ሰሚዑ ስለ ዝነበረ ብዓይኒ ክርኢ ይደሊ ነሩ እንተ ኾነ ክልተ ጸገም ነርዎ መጀመርያ ብቁመት ሓጺር ስለ ዝነበረ ካልኦት ክኽውልዎ እዮም ካልአይ ስርሑ አብ ቅድሚ አይሁድ ዝተጸልአ ነሩ ምኽንያቱ መኽፈልቲ ቀረጽ ንገዛእቲ ሮማውያን አረማውያን ስለ ዝተሓባበሩን

ከምኡ ካብቲ ዘኽፍልዎ ምጥፍፋእ ይገብሩ ስለ ዝነበሩ ከም ኃጢአተኛታት ተቖጺሮም አብ ቅድሚ ህዝቢ ተቐባልነት አይ ነበሮምን። በዚ ምኽንያት ዘኬዎስ ንጸገሙ ባዕሉ ክበላሓት ነርዎ። አብ ቅድሚት ሓሊፉ አብ ሳግላ ኦም ሓኼረ። ሳግላ ዓቢ ኦም ብቐሊል ክትሓኽሮ እትኽእል ንሰብአይ ብቐሊል ክጽውር ዝኽእል ኦም እዩ፥ አብኡ አዕዋፍ ሰማይ ከምኡ አብ ትሕቲኡ እንስሳታት ክጽልሉ ይኽእሉ። እዚ ኹሉ አምሳል ቤተ ክርስትያን እዩ። ቤተ ክርስትያን ኃጥአንን ጻድቃንን እትሕዝ ንኹሉ አብ ትሕቲአ እትእክብ እያ፥ አብአ ዕረፍትን ምሕዳስን ይርከብ። እዛ ዘኬዎስ ዝሓኾራ ሳግላ እምብአር አምሳል ቤተ ክርስትያን ገርና ክንርእያ ንኽእል።

ንኢየሱስ ክትርኢ አብ ዘይትኽወለሉ ቦታን ጊዜን ምርካብ የዷሊ። ንኢየሱስ ክርኢ፥ ምስኡ ጥቡቕ ርክብ ክህልወኒ እንታይ እግበረ ኢልና እስከ ንሕሰብ። ምቅርራብ ነግድኹም ዓላምኡ ንኢየሱስን ማርያም ክትረኽቡ ክትርእዩ ዝሕግዝ እዩ። ብርግጽ ንኽይትርእዩ አብኡ ንኽይትቐርቡ ዝኽውሉ ካብ ገዛእ ርእስኹም ዝብገስ ወይ ብኻልኦት ንዝኽውለኩም አለሊኹም ክትክእሉ ሓጋዚ እዩ። እሞ ድላይኩም ክትረኽቡ እንታይ እንተ ገበርኩም ይሓይሽ። አበይ ምደየብኩም? አብ እምባ መንበረ ኑዛዜ እዩ እቲ ቀዳማይ መልሲ። ንኢየሱስ ምርአይ ማለት ምንጻሕ ማለት እዩ።

ዘኬዎስ ንኢየሱስ ክርኢ አብ ሳግላ ሓኹሩ/ደይቡ ሎሚ ንሕና አብ ቤተ ክርስትያን አብ መንበር ንስሓ ተምበርኪኽና ንኢየሱስ ክንረኽቦን ክንርእዮን ንኽእል። አብኡ ኃጢአትና ይሕደገልና አብኡ ሰላምን ዕረፍትን ክርስቶስ ንቕበል። አብኡ ትሕትና ገርና ካብቲ ዝነበረና ትዕቢትን ክፍአትን አብ እግሪ ካህን ኮና ምሕረት ንሓትት።

ሰብ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ አምላኽ ይኽወል እዩ፥ እቲ ዝኸበደ ፈሊጡ አብ መገዲ ጥፍአት ሒዙ ክኸይድ እንከሎ እዩ፥ አብዚ ከምዚ ሕይወት ንዘሎና እዩ እምብአር ካብቲ ተኸዊልናዮ ዘሎና ወይ ርሒቕናዮ ዘሎና አብ ቅድሚ መሓሪ አምላኽ ክንቀርብ ንሕተት አሎና። ሎሚ ነፍሲ ወከፍና ጉዕዞ ንስሓን ሕድገትን ክንተሓሓዞ ይግብአና።

ንኢየሱስ ከይንርኢ ዝኽውለና ገለ እዋን ባዕልና እንፈጥሮ ገለ እዋን ከአ ብኻልእ ዝመጽአና አሎ። ካብቲ ከይንርኢ ዝኽውለና ክንወጽእ ናይ ባዕልና ተበግሶን ድለትን ክህሉ አለዎ ብተአምራት ሱቕ ኢሉ ለውጢ ክመጽእ አይክእልን እዩ። ሎሚ እምብአር ንኢየሱስ ከይርኢ ወይ አብኡ ገጸይ ከይከይድ ከዊሉኒ ዘሎ እንታይ አሎ ኢልና ክንሓት የድልየና ሽዑ አብ ኢየሱስ ዝርከቦ ክንከይድ ወይ ከአ ነቲ ከይንርኢ ጋሪዱና ዘሎ ክንአሊ ንኽእል። ዘኬዎስ ተበላሒቱ ንሕና እውን ክንበላሓት አሎና።

ዘኬዎስ ሓለቓ እዩ ነሩ አብ ትሕቲኡ ዝምሓደሩ ነሮሞ፥ ንሱ ቅኑዕ ከም ዝነበረ አብቲ ባዕሉ ዝመስከሮ ይነግር። አብ ዘሎና ሓላፍነት ከመይ ንመርሕ ወይ ነመሓድር አብ ሓዳርና አብ ስራሕና ምስ ሰባት ከመይ እዩ ርክብናን አገባብራናን እዚ ንርእስና ክንፍትሽን ክንርእን ይጠቕመና። ሸለትነት ክፍአት ከምኡ አብ ገለ ጊዜ ሰይጣን መሊኽና ንሰባት ክንብድል ንኽእል ኢና ሎሚ ክነኅርዮ እዋኑ እዩ።

ምስ ኢየሱስ ብዙሓት ሰባት ይጉዓዙ ነሮም መብዝሕትኦም ብአካል እዮም ምስኡ ዝጉዓዙ ዝነበሩ እምበር ብመንፈስ ምስኡ አይ ነበሩን፥ በቲ ዝገብሮን ዝብሎን ዝነበረ ተገሪሞም ይስዕብዎ ነሮም። ተገሪምካ ንግዚኡ ልብኻ ተተንኪፉ ጽቡቕ ክርስትያን ክትከውን ይክአል እዩ ግን ከምቲ አብ ከውሒ ዝተዘርአ ንግዚኡ ዝበቁል ግን ዝሓርር ከምኡ እዩ ዝኸውን እምነትና። ክርስትያን ናይ ብሓቂ አማናይ ድየ ኢልና ክንሓስብ የድሊ። ገለ ሰባት ንኹሉ ሓዲገ አብ አምላክ ክምለስ እየ ኢሎም ይውስኑ ግን ንሓጺር ጊዜ እምበር ንነውሕ አይከዱን እዮም።

ዘኬዎስ ብዛዕባ ኢየሱስ ብዙሕ ሰሚዑ ስለ ዝነበረ ከም ሰብ ክርእዮ ይደሊ ነሩ። ግን ኢየሱስ እውን ክርእዮ ከምዝደሊ ይፈልጥ አይ ነበረን። ኢየሱስ ናብኡ ጠሚቱ ውረድ ሎሚ ምሳኻ አብ ቤትካ ክውዕል እየ ክብሎ ምስ ሰምዐ ዝብል ጠፊእዎ ይኸውን። ቀልጥፍ ውረድ ሎሚ አብ ቤትካ ኽውዕል ይግብአኒ እዩ እሞ ውረድ ኢልዎ። ካብዚ ዝጥዕምን ዝሓይሽን እንታይ አሎ አምላኽ አብ ቤትካ ምሳኻ/ኺ ክውዕል ክሓድር እየ ክብለና እንከሎ። አምላኽ ከምጽእ እንከሎ ቀልጢፍካ መልሲ ሂብካ ምኽአል የድሊ። ማርያም ገብርኤል መልአኽ አደ አምላኽ ከም እትኸውን ምስ ነገራ ቀልጢፉ ሕራይ ኢላ ተቐቢላቶ (ሉቃ 1፡38)። ሳሙኤል አምላኽ ምስ ጸውዖ ቀልጢፉ መልሲ ሂቡ ባርያኻ ይሰምዕ አሎ ተዛረብ ኢሉ መሊሱ (1ሳሙ 3:10)። ዘኬዎስ እውን ቀልጢፉ ወረደ ተሓጒሱ እውን ተቐበሎ ወላ እኳ እቶም ካልኦት አብ እንዳ ኃጥእ ሰብአይ አትዩ ኢሎም እንተ አዕዘምዘሙ አብ ቅድሚ ኢየሱስ ደው ኢሉ ጎይታይ እንሆ ፈረቓ ጥሪተይ ንድኻታት እህብ ገለ ዝዓመጽክዎ እንተሎውን አርባዕተ ዕጽፊ እፈድዮ እናበለ ተናሲሑ። እዚ ዝበሎ አብ ገዝኡ እናኸዱ አብ መንጎ ደው ኢሉ እዩ ኢልዎ እዚ እዩ ኸአ ፍሉይ ዝገብሮ ክንሳሕ ጊዜ አይወሰደሉን እኳ ድአ ምጽዋት ንድኻታት እህብ እናበለ ንመገዲ ንስሓ ድሕር አይበለን።
ብዙሓት ተመራመርቲ ነዚ ክፍሊ ክገልጹ ከለዉ ዘኬዎስ እዚ ንድኻታት ካብ ሃብቱ ምሕጋዝ ቀደም እውን ይገብሮ ነሩ እዩ፥ ኢየሱስ ነዚ ኲናዮ ርድኢትና ብዝኾነ መገዲ ይፈልጦ ስለ ዝነበረ አብ ገዛ ሓደ ኃጢአተኛ ዘይ ኮነ አብ ገዛ ሓደ ጻድቕ ከም ዝኸይድ ገሩ እዩ ዝርእዮ ነሩ ይብሉ። ኢየሱስ ኲሉ ጊዜ ነቲ ሓቀኛ ሰብ ኲናዮ እቲ ዝርአ ይርእዮ። ንሕና ውን ንሰባት ውሽጦም ከይፈለጥና ብግዳማዊ ነገሮም ካብ ምፍራዶም ክንጥንቀቕ እሞ ከምዘለዎ ክንቅበሎም ይመኽረና።

ብዝኾነ እቲ ትርጉም ዝተዋህበ ይወሃቦ ዘኬዎስ አብ ሓደ ብዙሕ ዘይፍቶ ሥራሕ ይስራሕ እምበር ልቡን ሕይወቱን ሓቀኛ ሰብ እዩ ነሩ ብቕንዕናን ሓቅን ዝጉዓዝ ዝነበረ ሰብ እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ዝመስል ንዕድመ ኢየሱስ ተሓጒሱ ተቐቢልዎ ይብለና ሉቃስ ወንጌላዊ በዚ ምልክት ትሕትናን ፍቕርን አብ ግብሪ አርእዩ። ንዝውሃበካ ጸጋ አምላኽ ቀልጢፍካ ናይ ምስጋና መልሲ ሂብካ ምኽአል።

መልሲ ንስሓ ውዓል ሕደር ዘድልዮ ጉዳይ አይኮነን አብ ፈቃር አምላኽና ቀልጢፍና ክንምለስ አሎና። ክሓስበሉ ክርእዮ እየ ወይ እውን ተበዲለ እየ ጥራሕ ክንብል የብልናን። አምላኽ አብኡ ክንምለስ ይዕድመና አሎ። መልሲ ክንህቦ ግቡእ እዩ። ብርግጽ አምላኽ ኲሉ ጊዜ እዩ ዝሓልየልና ናታትና ጻዕሪ ወይ ተግባር አይ ኮነን ዘድሕነና። ከም ዘኬዎስ ንሕና ብዘይንርድኦ ፍቕሩ ይገልጸልና። ምሳኻ ምሳኺ ክውዕል እየ ይብለና፥ እሞ ከመይ ንቕበሎ? ቀልጢፍና በቲ ዘርአየና ፍቕሪ አብ ንስሓን ፍቕርንዶ ንምለስ? ሎሚ አብ ቤትና ክአቱ ይሓትት አሎ ምሳኺ/ኻ ክዕረቕ ሰላም ፍቕሪ ምሕረት ክህበካ/ኪ እደሊ አሎኹ እንተ በለና መልስና እንታይ እዩ?

አብ ጉዕዞ ምምላስ ከሎና ሰባት በቲ ናይ ቀደም ግብርና ርእዮም ብኡ ጥራሕ ዝፈርዱና አይስአኑን እዮም እዚ ንድሕሪት ክመልሰና አይግባእን ምስ አምላኽና ዕርቂ ክንቅጽሎ አሎና። አንታ እዝስ/እዚአስ ሕይወቱ/ታ ቀይሩ አብ ዘብል ክንበጽሕ አሎና። ሎሚ ክንሕደስ የድሊ አሎ።

ዘኬዎስ ንስሕኡን ካሕሳ ኃጢአቱን ምስ ገለጸ ዝተዋህቦ መልሲ ሎሚ ነዚ ቤት እዚ ድኅነት ኮነሉ ከመይ ንስኻውን ወዲ አብርሃም ኢኻ፥ ወዲ ሰብ ንጥፉአት ኪደሊን ከድኅን እዩ ዝመጸ ተባሂሉ። አብዚ ቤት ምልአትን ሓድነትን አትዩ። ወላ እኳ እቲ ዝሰርሓሉ ዝተጸልአ ይኹን ወዲ አብርሃም ተባሂሉ ምኽንያቱ ኲሉ ሥርሑ ምስቲ ሕጊ ዝሓቶ ብምልኡ ስለ ዘማልእ ወላ እውን ልዕሊኡ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ። እዚ እዩ ወዲ አብርሃም ዘብል ማለት ዘፍቅር ዝሓልን ልዕሊ ስርዓትን ባህልን ዝነብር ሰብ።

ዘኬዎስ ብማዕዶ ጥራሕ ክርኢ ዝደሊ ዝነበረ ሕጂ ውሽጣዊ እንታይነት ኢየሱስ ክርኢ ጀሚሩ። እዚ ምርአይ እዚ ከምቲ አብ መገዲ ኢያሪኮ ዝሓወየ ዕዉር (ሉቃ 18፡35-ፍ) ከምኡ ንምሉእ ሕይወቱ ቀይርዎ። ንሓቂ ንቅድስና ብፍቡቕ ክንብገስ ከሎና ዝተረፈ ባዕሉ አምላኽ ይምልአልና። ዘኬዎስ

ንኢየሱስ ክርኢ ብማዕዶ ርእዩ ክዓግብ ኢሉ ዝክኣሎ ምስ ገበረ ኢየሱስ ምሳኻ ክውዕል እየ ኢልዎ። ንኣና እውን ከምእዩ እዩ፥ ፍቡቕ ንሕሰብን ንግበርን እሞ ዝተረፈ ባዕሉ ንሰናይና ክምልኦ እዩ።

ኢየሱስ ነቶም ኣብ ገዛ ኃጢአተኛ ኣትዩ ኢሎም ዘዕዘምዘሙ ክምልሰሎም እንከሎ ወዲ ሰብ ንጥፉእ ኪደሊን ከድኅንን እዩ ዝመጸ ኢልዎም። ኣብ ማር 2፡17 ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር ጥዑያት ኣይደልይዎን እዮም ኣነ ኸአ ንኃጥኣን እምበር ንጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን (ሉቃ 5፡31፥ ማቴ 9፡12) ኢልዎም። ኣብ ማቴ 18፡12 ብዛዕባ ምስላ ዝጠፍአት በግዕ ክዛረብ እንከሎ እንታይ ይመስለኩም ሚእቲ ኣባግዕ ዘለውኦ ሰብኣይ ካብአን ሓንቲ እንተ ጠፍኣቶ ነተን ተስዓን ትሽዓተን ኣብ ጎቦታት ኃዲጉ ነታ ዝጠፍአት ኪደሊዶ ኣይከይድን እናበለ መሊሱሎም።

እታ ዝጠፍአት በግዕ ሎሚ ኣነ እየ፥ ካብ ቤተይ ካብ ቤተ ክርስትያነይ፥ ካብ ኣሕዋተይ ጠፊአ ዘሎኹ ኣነ እየ ንበል ምእንቲ ብምሉእ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንርከብ። ካብ ቤተ ክርስትያን ካብ ኣሕዋት ዝጠፍኡ ዝኸወሉ፥ ኣብ በረኻ ኃጢአት ኣትዮም ምውጻዕ ዝሰኣኑ ኣብ ቂምታን ኃጢአትን ዝነብሩ ካብ ኩሉ ዝወጹ ዝርሓቑ ኣብ መንጎና ብዙሓት ኣለዉ። ስለዚ ሎሚ ክንረኽቦም ክንደልዮም ኣብ ቤቶምን ቤተ ክርስትያኖምን እንመልሶም ንሕና ኢና። ዝጠፍአ ባዕሉ ክምለስ ቀሊል ኣይኮነን፥ ንሕና ኢና ክንሕግዞን ክንደልዮን ዘሎና።

ነዚ ክፍሊ ወንጌል ክነንብብ እንከሎና ብዙሕ ሓሳባት ክነስተንትን ንኽእል ኢና። ሎሚ ንሕና ንኢየሱስ ኣዕሚቕና ክንርእዮ የድልየና ኣሎ። ከምኡ ክንገብር እንተ ኸኣልና ጥራሕ ኢና ብሓቂ ንግደትና ብሓቂ ክነብዕል እንኽእል። ነፍሲ ወከፍና ሎሚ ኣብ ቤትካ/ኪ ክኣቱ ምሳኻ ክውዕል እደሊ ኣሎኹ ዝብል ክንሰምዕ ኣሎና። እዚ ኸአ ኣፍደገ ልብና ክንከፍተሉ ሕልናና ኣብኡ ክኣቱ ክነፍቅደሉ እንከሎና ጥራሕ እዩ።

ንሰባት በቲ እንፈልጦም ግዳማዊ ነገራት ወይ እውን ኢላ ኢሎማ ብዝብል ካልኦት ብዝበሉና ከይንፈርዶም ምጥንቃቕ የድልየና። ከም ቍምስና ምናልባት ነቲኦም ጠፊኦም ዘለዉ ክነናዲ ብዙሕ ጊዜ ክነሕልፍ ንኽእል ኢና ኣብ ክንዲ ነቶም ተመሊሶም ተረኺቦም ዘለዉ ዘድልዮም ሓገዝን ምኽንኻንን ምግባር።

ኣብዚ እዋን ንግደት ኪዳነ ምሕረት ክተብዕሉ እትቀራረቡ ዘሎኹም ልብኹም ዓይንኹም ክፈቱ እሞ ንኢየሱስን ማርያምን ርአዩ። እምብአር ነፍሲ ወከፍና ንኢየሱስ ብሓቂ ርኢና ክንክእልን ክንረኽቦን ክንጽዕር ኣሎና። ኣበይ ክርኸቦ ንኢየሱስ ኢልካ ንርእስኻ ምሕታት ዓቢ ሓገዝ ኣልኦ። ከም ሰባት መጠን ኣብ ገለ እዋን መገዲ ክጠፍአና ይክእል እዩ ግን ዝሕግዙ ኣለዉና ሓንትስ ንድለ እምበር።

ማርያም ኣደና ብዝያዳ ንኢየሱስ ክንረክብን ክንርእን እትሕግዘና ኣደ እያ። ክትረኽብዎን ክትርእይዎን እንተ ደለኹም ንሱ ዝበለኩም ግበሩ ትብለና ኣላ እሞ ዝሰምዕ ልቢ ይሃበና። ንስሓን ቅድስና ዘሰነዮ ብዓል ይግበረልኩም፥ ብማርያም ኣድኡ ጸሎትኩም ይቀበለልኩም።

ብሩኽ ክብረ ብዓል ኪዳነ ምሕረት ይግበርልኩም።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ